**ሓርበኛን ተመራማርን ኤርትራዊ ኣባ ይሳቕ ገብረሱስ ዓሪፎም**

**ንሓርነት.ኮም**
29.07.2009

ንናንጽነት ኤርትራ ንዓሰርተታት ዓመታት ዘተቓለሱ፡ ሓርበኛውን ተመራማርን ካቶሊካዊ ቀሺ፡ ኣባ ይሳቕ ገብረየሱስ፡ ብዝሓደሮም ሕማም 18 ሓምለ 2009 ኣብ ቢል/ብየን (Biel/Bienne,) ስዊዘርላድ ዓሪፎም። ኣባ ይሳቕ ገብረየሱስ፡ ካብ ኣቦኦም ባሻይ ገብረየሱስ ክፍላይን ካብ ኣዲኦም ወይዘሮ ተኽኣ ሰመረን፡ ኣብ ዓዶም ሓላይ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ ተወሊዶም።

ንሓርነት ኮም ብዛዕባ ታሪኾም ዝርዝር ሓበሬታ ክሳብ ትረክብ፡ ነዚ ዝስዕብ ሕጽር ዝበለ ካብ መርበብ ሓበሬታ ግጉልን ዝተረኽበ ሓጺር ዛንታ ህይወቶም ክትጠቅስ ትፈቱ።
መንግስ

ሓደ ባሕታዊ፡ ናይ መኣዛ ዘለዎ መግቢ ኣፍልጦ ዝውንን፡ ናይ ናጽነት ተቓላሳይን ደራስን ዘራኽቦም እንታይ ናይ ሓባር ረቛሒ ኮን ይህሉ? ዘራኽብ የብሎምን ዝብል'ዩ ዝኸውን መልስኹም። መልስኹም እዚ እንተደኣኰይኑ ድማ፡ ምስ ኣባ ይሳቕ ገብረየሱስ ኣይትፋለጡን ወይ ኣይተራኸብኩምን ኢኹም ማለት ኢዩ። እዞም 62 ዝዕድሚኦም ምሁር ኣባ፡ ናብ ቅሽነት ናይ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኣብ 24 ዕድሚኦም፣ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ድማ ኣብ 43 ዕድሚኦም ኢዮም ተጸንቢሮም። እቲ ካብ ቅሽነት ናብ ጽሓፍን ናብ ተቓላሳይን ዝተገብረ ምስግጋር፡ ምስ ኣባ ይሳቕ ንሃገሮም ዘለዎም ፍቕሪ ተኣሳሲሩ ጥራሕ'ዩ ክግለጽ ዝከኣል።

ብ1969፡ ኣባ ይሳቕ ኣብ'ቲ ኣብ ነፋሲት ዝርከብ ገዳሞም ኰይኖም “ንቐደም በሉ” ትብል መጽሓፎም ደረሱ። እዛ 149 ገጻት ዘለዋ መጽሓፎም፡ ብዛዕባ ናይ ኤርትራ ዓይነት መግብታት፡ መስተታትን ኣብ ኤርትራ ዝበቝሉ ቀመማትን ኢያ እተዘንቱ። ብመሰረት መጽሓፍ ኣባ ይሳቕ፡ ኤርትራ፡ 68 ዝኸውን ሃገራዊ መግቢ፡ 13 ዓይነት ኣሕምልቲ፡ ኣብ ኤርትራ ጥራሕ ዝርከቡ 29 ዓይነት ፍሩታት፡ 17 ዓይነታት ዘለዎም ኣብ ገዛ ዝስርሑ ሕብስትታትን ዝተፈላለዩ ቅመማትን ኣለዋ። ብተወሳኺ፡ ነፍስወከፍ ካብ'ዚ መግብን መስተን ቅመምን'ዚ ብኸመይ ኣገባብ ከምዝዳሎን፣ ኤርትራ ናይ መኣዛ ዘለዎ መግብታት ሃገር ምዃናን ብዝርዝር ይገልጹ። “ኤርትራ፡ ካብ ገዛእታ ዝወረሰቶም እንተዘይኰይኑ፡ ናይ ገዛእ ርእሳ ዓይነት መግብታት የብላን ዝብል ዘረባታት፡ ብፍላይ ድማ ካብ መንእሰያት ክሰምዕ ከለኹ ባህ ይብለኒ ኣይነበረን” ይብሉ ኣባ ይሳቕ። ኣነ፡ “ኣብ'ቲ ዝነበርክዎ ገዳም፡ ቀንዲ ከሻኒ ስለዝነበርኩ፡ ብዛዕባ ሃገራዊ መግብታትና መጽናዕትን ምርምርን ክገብር ጀመርኩ” ኢሎም ይቕጽሉ። ኣብ ውርሻታት ሃገሮም ካብ ዘለዎም ሓበን ተበጊሶም ድማ፡ ንምኽሻን ናይ ደቂ ኣንስትዮ ስራሕ ጥራሕ ገይሩ ዝገልጽ ያታን፣ ንኤርትራ ድማ፡ ወዲ ሓወቦ ናይ'ታ ሃብታም ኢትዮጵያ ገይሩ ዝገልጽ ታሪኽን ይጸልኡ ነበሩ።

ኣብ 1974፡ ወጻኢ ካብ'ቲ ገዳም ዘጋጠመ፡ ኣብ ህይወት ናይ ኣባ ይሳቕ ዓሚቝ ጽልዋ ዝሕደረ ተረኽቦ ተፈጺሙ። ምስ'ቲ ኣብ ኣስመራ ዝመደበሩ ናይ ጽሑፋት ቍጽጽር ማእከል (official censor) ንምርኻብ ካብ ሰገነይቲ ናብ ኣስመራ ብኣውቶቡስ እናተጓዕዙ እንከለዉ፡ ኣባ ይሳቕ፡ በቶም ነቲ ናይ ናጽነት ተቓለስቲ ዝዝርጋሕ ዝነበረ ፕሮፓጋንዳ ደው ከብሉ ቆሪጾም ዝተበገሱ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ከምዝፍተሹ ተገይሩ። ነቲ ናይ ኣባ ኢሳቕ “ንቐደም በሉ” ዝብል መጽሓፍ ረኺቦም ከንብብዎ ምስ ጀመሩ ድማ፡ በቲ እንጀራ፡ ሽሮ፡ ዝግኒ፡ ጨው፡ በርበረ …ወዘተ ዝብል ቃላት ተገረሙ። እዚ ምስ ሰውራ ዝራኸብሉ ምስጢራዊ ቃላት'ዩ ዝኸውን ካብ ዝብል ጥርጣረ ድማ፡ ኣባ ይሳቕ ኣነ ንጹህ ኢየ ዋላ እንተበሉ፡ ሰማዒ ስኢኖም ናብ ማእሰርቲ ከምዝውሰዱ ተገብረ። እቶም ኪኢልታት ዝብሃሉ ከኣ፡ ነቲ ምስጢር ንምፍታሕ ሕዩኽ በሉ። መፍትሒ ክረኽቡ ስለዘይከኣሉ ድማ፡ ንኣባ ይሳቕ ካብ ማእሰርቲ ክለቅዎምን ናብ ገዳሞም ከመልስዎምን ተገደዱ።

ካብ ኣስመራ እናተመለሱ እንከለዉ፡ ናይ ህዝባዊ ሓይልታት መጽሔታት ተማሊኦም ስለዝነበሩ፡ ክሳብ ሰገነይቲ ዝበጽሑ እናዘርግሕዎ ተጓዕዙ። እቶም ወተሃደራት ከም'ዚኦም ዝኣመሰሉ ኣባ ምስ ተጋደልቲ ክተሓባበሩ ኣይክእሉን ኢዮም ዝብል ዕግበት ስለዝሓደሮም ንካልኣይ ግዜ ክፍትሽዎም ኣይደለይን። ብ1975 ኣባ ይሳቕ ናይ ህዝባዊ ሓይልታት ተላኣኣኪ ኢዮም ዝብል ወረታት ክናፈስ ስለዝጀመረ፡ ኣባቴ፡ ንሰገነይቲ ገዲፎም ናብ ሜዳ ኤርትራ ወጹ። እታ "ንቐደም በሉ" እትብል መጽሓፎም ምስኦም ክማልእዋ ኣይከኣሉን። ድሕሪ 2 ዓመት፡ ሰገነይቲ ብህዝባዊ ግንባር ሓራ ምስ ወጸት ግን፡ ነታ መጽሓፎም ክደልዩ ተመልሱ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኣብ ኤርትራ ሰፊኑ ዝነበረ ጥሜትን ዕንወትን ምስ ርኣዩ ግን፡ ብዛዕባ መኣዛ ዘለዎ መግቢ ምዝራብ ኣድላዪነት ከምዘይነበሮ ተገንዘቡ። እንተኾነ ግን፡ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ እታ መጽሓፍ ኣድላዪነት ክህልዋ ምዃኑ ስለዝተረድኡ፡ ድርሰቶም ክቕጽሉ ወሰኑ።

ኣብ 1979 ብዘጋጠመ ዕንወት፡ እታ መጽሓፍ ጠፊኣ። ንህዝባዊ ግንባር እኳ ዓቢ ስትራተጂካዊ ነውጺ እንተዘይፈጠረትሉ፣ ንኣባ ይሳቕ ግን፡ ተራር ጽፍዒት'ያ ነይራ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣባ ይሳቕ፡ ብዛዕባ ባህልን ልምድን ኤርትራ፡ ብዛዕባ ጥንታውያን ሓወልትታትን ታሪኽን 6 ዝሸውን መጽሓፍቲ ደሪሶምን ብቛንቋ ጣልያን ዝተዳለዉ መጽሓፍቲ ተርጒሞምን ነይሮም። ሽሕ'ኳ፡ ናይ በለስ ማርመላታን ናይ ኮሚደረ ጽሟቕ ዘፍሪ ዕዉት ተንቀሳቓሲ ፋብሪካ ኣብ ድርፎ፡ ዊናን ናቕፋን ኣቚሞም እንተነበሩ፣ ልቦምን ቀልቦምን ግን፡ ምስ'ታ ዝጠፍኣት መጽሓፎም ኢያ ነይራ። ድሕሪ 5 ዓመት ግን፡ እታ መጽሓፎም፡ ካብ'ቲ ዝነበርሉ ከተማ ሰገነይቲ ብዙሕ ኪሎሚተራት ርሒቓ፡ ኣብ ሓደ ናይ ህዝባዊ ግንባር መኸዘን ደሮና ተሸዲና ጸንሐት። ኣባ ኢሳቕ፡ ብሓጐስ ተፈንጪሖም፡ ካብ'ቲ ኣብ ሜዳ እንከለዉ ዝደለብዎ ፍልጠት ክውስኹላን ኣመሓይሾም ከውጽእዋን ንሰገነይቲ ሒዞማ ተመልሱ።

ኣብ'ታ ኣመሓይሾም ዘውጽእዋ መጽሓፍ፡ ካብ'ቲ ተጋደልቲ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ናይ ቦጅቦህን ናይ ቅልዋ ስጋ ተመንን ዝኣመሰለ መግብታት እኳ እንተዘይሓወሱላ ስዋን ኢምቸክን (Imchek) ግን፡ ኣብ'ታ መጽሓፎም ኣስፊሮምዎም ኣለዉ። "ንቐደም በሉ" እትብል መጽሓፎም ናብ እንግሊዘኛ ተተርጒማ፡ ወጻእተኛታት ኣጋይሽ ክጥቀሙላ ዝጅምርሉን ኤርትራ፡ ናይ ሽሮን እንጀራን ዝግኒን ሃገር ጥራሕ ከምዘይኮነ ዝርድእሉን ዕለት ድማ ርሑቕ ኣይኮነን።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንነብስሄር መንግስተ-ሰማይ የዋርሶም፣ ንቤተ-ሰቦም ድማ ጽንዓት ያሃቦም ይብል።